ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

Our ref.No. ______________ Date ________________

Your ref.No. ______________

## ኣገዳሲ መግለጺ
## ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን

ካብ 15-20 ለካቲት 2007 ዝተቓንዐ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኪዳን ብዓወት ዕማማቱ ከም ዘሳላሰለ ዝገልጽ ድምዳሚ ኣዋጅ ብምዝርጋሕ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ንኹሎም ፈተውቲን ኣበሲሩ እዩ።

እቲ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን ፍልልያት ክፈጥር ዝጸንሐ፣ ተሪር ቃልሲ ድማ ዝተኻየደሉ ጉዳይ ሽሪዓን፣ ብሄራትን እውን፣ ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተፈቲሑ ዝብል ተስፋታት ኣሕዲሩ እዩ። ንኹሉ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ዝሓቁፍ፣ ኣብ ሰላምን ደሞክራስን ዘይገሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ዝተሰረተ፣ ናይ ኪዳን ፕሮግራም ድማ ተሓንጺጹ እዩ። ነዚ ፕሮግራም'ዚ ኣብ ተግባር ዘውዕል ብቑዕ ኣመራርሓ ከም ዘድልዮ፣ ኪዳን ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንኸመዝግብ፣ ኣብ ውሽጡ ለውጢ ከም ዝግብኦ ድማ ስውር ኣይነበረን።

ብደረጃ ፕሮግራም ተዓዊቱ ዝወጸ ጉባኤ፣ ኣብ ኣመራርሓ እውን ምስቲ ዝተመዝገበ ለውጥታት ዘሳኒ ምቅይያር ከመዝግብ፣ በዚ ኣቢሉ ድማ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ንምውዳቕ መድባቱ ብንጹር ዝቐየሰ፣ ውዱብ፣ ንጥፈታት ከካይድ ትጽቢት ተነቢሩሉ ጸኒሑ እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ጉዕዞ ከምቲ ተኣሚቱሉ ዝነበረ ንኸይጕዓዝ ገለ ውድባት ኪዳን ብዝወሰድዎ፣ ዘይሕጋውን ዘይሓላፍነታውን መርገጻትን ተግባራትን ይቑጸ ከም ዘሎ፣ በዚ ኣሕዛኒ መግለጺ'ዚ ንመላእ ህዝብና ንሕብር።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣትይዎ ዝርከብ ኣዝዩ ዘሕዝን ቅልውላው ወይ ዓዘቕቲ ኢዩ።
ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ሓያሎ ሕድገታት ተጋሂዱ ነይሩ እዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ሕድገታት'ዚ፣ ውክልና ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ብመጠን ዕብየትን ኣበርክቶን ውድባት ክኸውን ኣለዎ ዝብል ዝነበረ፣ ውድባት ብምሉኡ፣ ዓብን ንእሽቶን ከይበለ፣ ነፍስወከፍ ውድብ ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ብ2 ኣባላት ክውከል ዝብል ሓሳብ ቅቡል ኰነ። እዚ ኵሉ ሕድገታት'ዚ ኣብ'ቲ ጉባኤ ኣዝዩ ኣወንታዊ ሃዋህው ፈጢረ።

ጉባኤ ድሕሪ ምድምዳሙ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ማኣከላይ መሪሕነት፣ ኣብ ፈጻሚ ኣካል ምቅይያር ክግበር ተጠልበ። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ነበር፣ ሓው ሑሴን ኽሊፋን፣ ንሱ ዝመርሖ ጉጅለ ውድባትን ግን፣ ለውጢ ኣየድልን'ዩ፣ ሓው ሑሴን ኽሊፋ ኣብ ቦታኡ ይቐጽል ዝብል ዘይዕጸፍ መርገጽ ሓዙ። ብግብሪ ድማ ንለውጢ ዝጽውዕን፣ በቲ ዝነበረና ኣቦ መንበር ንቐጽልን ዝብል ክልተ ብሎክ ተጋህደ።

ካብ ከምዚ ዝበለ መዋጥር ንምውጻእ ብወገንና ኣርባዕተ መዓልቲ ዝወሰደ ፈተነታት ናይ ፍታሕ ተኻየደ። ናብ ዝኾነ ኣወንታዊ መዓልቦ ክበጽሕ ግን ኣይከኣለን።

ኣብ መደምደምታ፡ እቲ ሓው ሑሴን ዝርከቦ ብሎክ፡ ንሕና ተራ ብዝሒ ድምጺ ኣሎና፡ ሕጹይና ኣቕሪብና ክንውስን ኢና ብምባል፡ ዝኾነ ብወገንና ዝቐርብ ርእይቶ ከም ዘይቕበል ኣነጸረ። ንኪዳን ናይ ምፍንጫል ኣመት ይህቡ ከም ዘለዉ፣ እዚ ድማ ሓደገኛ ምኻኑ ኣብራህና። ናይ'ዚ እንወስዶ ዘሎና ሓላፍነት ተሰኪምቲ፡ ወይ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ተሓተቲ ንሕና ኢና ዝብል መልሲ ብምሃብ ድማ ኣብ ዕጽው ናይ ምፍንጫል ማዕጾ ኣብጹሑና።

ድሕሪ'ዚ ሓደገኛ መግለጺ'ዚ እውን እንተኾነ፡ ብወገና፡ ብመሰረት ህንጻ ሕግና፡ ውሳኔ ብሰለስተ ርብዒ ድምጺ ጥራሕ ከምዝውሰድ፡ ነዚ ድማ ከምዘየማልእዎን ውሳኔ ከሕልፉ ከምዘይክእሉን ገለጽናሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክንዲ ብተራ ብዝሒ ውሳኔ ምውሳድ፡ ህድእ ኢልና ብሓደ ከኃዕዘና ዝኽእል ፍታሕ ክነናዲ ከምዘሎናን መፍትሒ ዝኸውን ሓሳብ ውን ከምዘሎናን ሓበርናዮም።
እቲ መፍትሒ ኢልና ዘቕረብናዮ ክልተ ምርጫታት ከኣ እዚ ዝስዕብ ነበረ።

1. ካብ ሸንኾም፡ ንሓው ሓሰን ዓሊ ኣሰድ፡ ከም ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ክንቕበል ድልዋት ምህላውና፤
2. እዚ ውዱቕ እንተደኣ ኰይኑ ከኣ፡ ካብ ሸንኾም ብኣቦ መንበርነት ዝመርሓ፡ ግዝያዊት ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነት ክትቀውም። ኣባላት ናይ'ዛ ሰክረታርያ እዚኣ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ክኾኑ። እቲ ሓደ ሸነኽ፡ ነቲ ካልእ ሸነኽ ናብ ሰክረታርያ ዘቕርቦም ወከልቱ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ክቕበል። እዛ ሰክረታርያ'ዚኣ፡ ግዜ ተወሲኑላ፡ ናብ ህጹጽ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ወይ ናብ ህጹጽ ጉባኤ ክተብጽሓና። እቲ ክልተ ሸነኽ ከኣ፡ ምስ'ታ ሰክረታርያ ዝራኸብ ኣፈኛ ንበሎ ወይ ወኪል ክምዝዝ። ግዝያዊት ሰክረታርያ ድማ፡ ከም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኰይና፡ ንኵሉ ስርሓት ኪዳን ሽማግለታት እናመዘዘት ከተካይዶ ዝብል ነበረ።

ነዚ ሓላፍነታዊ ርእይቶ እውን ነጸግዎ። ንበይኖም ክጕዓዙ ከም ዝመረጹ ድማ ብግልጺ ኣብርሁ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ በቲ ዝኸይድ ዝነበረ ኣንፈታት ስለ ዘይዓገቡ ካብ ኪዳን ኣባልነትና ነደስክል ኣሎና ዝብል ጽሑፍ ብምቕራብ ካብ ኣኼባ ስሓቡ።

ንበይኖም ክእከቡ ክመርጹ እንከለው፡ ብመሰረት ቅዋም ኪዳን ንሕጋውነት፡ ምልኣተ-ኣኼባ ተሳትፎ ናይ 2/3 ዘማልኡ ኣይነበሩን። ዝኾነ ውሳኔ ማእከላይ መሪሕነት ንኸሓልፍ ዝጥለብ ናይ ¾ ድምጺ እውን ኣይነበሮምን። ብመሰረቱ ንዕማማት ባይቶ ክሰርዕን ከማእክልን ዝኽእል ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነት ንምምራጽ እውን ኣይተበቕዐን። ኩሉ ስጉምትታቶም ንቅዋም ኪዳን ዝጠሓሰ፡ ዘይሕጋዊ ተግባር ምንባሩ ግሁድ ክነሱ፡ ዝመጸ ይምጻእ ብምባል ተፈንጪሎም ክቕጽሉ እዮም መሪጾም።

እቲ ብመሪር ተጋድሎን ዘይሕለል ቃልሲን ቅኑዕ መንገዱ ሒዙ፡ ንመላእ ደምበ ተቓውሞ ኣስሚሩ፡ ኣብ ጐደና ዓወት ንኽምርሽ መልክዕ ክሕዝ ዝጀመረ መደብ ዕዮ፣ ኣብ ምውላዱ ክሰናኸል ጀሚሩ እነሆ። ንሕና ምስቶም ድሮ ክሓናኹልና ዝጀመሩ ኮነ፡ በዘይካኦም እቲ ቃልሲ ቅኑዕ መስመሩ ኣትሒዝና ካብ ምቕጻል ካልእ ምርጫ የብልናን። እዞም ናይ ምፍንጫል ስጉምቲ ዝመረጹ ሓይልታት ድማ፡ ዘይሕጋውን ዘይሓላፍነታውን ስጉምትታቶም ካብ ዘለውዎ ፍሕት ከም ዘየብሎም፡ እናረጋገጽና፡ ንድሌትን ረብሓን ህዝብና ይኃድኡ ከም ዘለዉ ንመላእ ህዝብና ነፍልጥ።

ቅኑዕ ቃልሲ ክሳብ ዓወት!

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
25 ለካቲት 2007